www.alhuda1.com

ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ እትሕተም እስላማዊት መጺሔት ቁ፡ (18) 01.05.2006

## ትሕዝቶ ሕታም:


- *ኣልረሒቕ ኣልመኽቱም ( መድረኻት ስብከት)……………..(2)*
- *መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ(ሰባኺ) (4) ትሕትና………………...(4)*
- *ትፈልጡ'ዶ…………………………………………………(5)*
- *ኒሳኡል ኻሊዳት (ኣብ ጀና ነበርቲ ዝኾና ደቂ ኣንስትዩ)..(6,7)*
- *ኣሓዲስ ካብ መጽሓፍ ብሉቕ ኣልመራም………………...(7)*
- *ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣያ ናይ ቁርኣን ( ሳዕቤን ቅንኢ)……..(8)*


**ክቡራት ኣንበብቲ መጺሔት ኣልሁዳ**

Cህራሂን ሰላምን ናይ ኣላህ ይብጻሕኩምን ይዕሰልኩም እናበልና ነዛ ሕታም ኣልሁዳ ቁ:18 ኣሕቲምና ነቕርበልኩም::
ቅድም ቀዳድም ነቲ መሻርኽቲ ዘይብሉ ልዑል ፈጣሪና ኣላህ: ከነመስግን ንፈቱ:ከምኡ'ዉን ነቶም ነዛ መጺሔት ኣብ ምእራም ይኹን ኣወንታዊ ነቐፌታቶም ዝልግሱልና ኣሕዋት ከየመስገና ክንሓልፍ እውን ኣይንደልን::
**ጀዛኩም ኣላሁ ኸይረን::**
ክቡራት ኣንበብቲ እቲ ካባኹም ብትሕትና እንጽበዮ ኻኣ:ኣብ ምዝርጋሕ እዛ መጺሔት ክትታሓባበሩና እዩ::ንበተኽታታሊ ኣብ ኢንተርነት ንዝኣትዉ ኣሕዋት ኣብ ትሕቲ Alhuda1@com ኣብ ትሕቲ**Editions** ብዝብል ሊንክስ ክትረኽብዋ ትኽእሉ ኢኹም::
ቅዳሕ ናይ መጺሔት እንተደሊኹም ካኣ ናብ ኣድራሻና ኣብ መርበብ ኢንተርነት ጸሓፉልና::

ኣሰናዳእቲ መጺሔት ኣልሁዳ::

# ተርእዮታትን መድረኻትን ጻውዒት ምስልምና

ነቢይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ናብ ምስልምና ዝገበሮ ምጽዋዕ (ስብከት)ናብ ክልተ ተፈላለዩ መድረኻት ተመቒሎም ክራኣዮ ይካኣሉ::እሶም ኻኣ:

1. መድረኽ ጻውዒት( ስብከት) ኣብ መካ: ን13 ዓመታት እተኻየደን
2. መድረኽ ጻውዒት( ስብከት) ኣብ መዲና:ን10 ዓመታት ዝተኻየደን

እዞም ክልተ መድረካት ነናቶም ተፈላለዩ ተርእዮታት( ጠባያት)ኣለዉዎም::እዞም ተርእዮታት ድማ ቅኑዕ መጽናዕቲ እቲ ዝነበረ ኩነታት ነፍስወከፍ መድረኽ ብምግባር ብቐሊሉ ክልለዩ ይካኣሉ::መድረኽ መካ ናብ ሰለስተ ደረጃታት ክምቀል ይካኣል:

- ምስጢራዊ ስብከት(ጻውዒት) ንሰለስተ ዓመታት ዝኸዉን ተኻይዱ
- ዕላዊ ስብከት ኣብ መካ:ካብ 4ይ ዓመት ምጅማር ስብከት እስልምና ክሳብ መወዳእታ 10ይ ዓመቱ ቀጸለ::
- ስብከት ካብ መካ ወጻኢ:ካብ 10ይ ዓመት ምጅማር ምስልምና ክሳብ ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ንመዲና ዝተሰደሉ ዓመት ቀጸለ::እቲ ካላኣይ መድረኽ ስብከት ኣብ መዲና ኣብ ዝቕጽል ሕታምና ክንርእዮ ኢና::

እቲ ቀዳማይ መድረኽ:ኣብ መንገዲ እቲ ጻውዒት ዝነበረ ቃልሲ:

## ሰለስተ ዓመታት ብሕቡእ ጻውዒት ተኻየደ::

ከምዝፍለጥ መካ ማእከል ናይ ኩሎም ኣዕራብን:ናበይቲ ካዕባ:ቁረይሽ ዝርከብዋ ከተማ ነበረት::የዕራብ ኩላቶም ዘኽብርዎም ዝነበሩ:ብዝተጸረቡ በእማን ዝተሰርሑ ምስልታት ጣኦታት ናይ ምክንኻንን ምእላይን ሓላፍነት ኣብ ኢድ ተቐማጠ መካ ነበረ::በዚ ምኽንያት ኻኣ ለውጢ ወይ ንጽህና ካብ ሽርኪ(ቡዘሀ-ዜርነት)
ኣብቲ ቀንዲ ማእከል ዝነበረት ናይ ሽርኪ ከተማ መካ:ክመጽእ ከቢድ ነበረ::ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃዋህው: **ናይ ምስልምና ስብከት** ክካየድ ጽኑዕ ድልየትን ተጻዋርነትን ከምዝድሊ ዘጠራጥር ኣይነበረን::
በዚ ምኽኒያት ተቐማጠ መካ:ከይድንጽዎም ምእንቲ እስላማዊ ስብከት (ዳዕዋ)ብምስጢራዊ ኣገባብ ከስፋሕፍሕ ጀመረ::

## እቶም ቀዳሞት እስልምና እተቐበሉ:

ከምቲ ኩሊ ዝርደኦ: ነቢይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም:እቲ ክቡር እስልምና ደቂ ሰባት:ምብጻሕ ዝዕማሙ:ሓላፍነቱ ብገዝኡን ካብኡ ቀጺሉ ድማ በቶም ናይ ቀረባ ኣዕርኽቱን ዝኾኑ ብጾቱ ጀመሮ::
እሱ እቲ ካብ ኣላህ ዝመጸ ሓቂ:እስልምና ይቕበል ኢሉ ዝኣመነሉ ሰብ ጥራይ ይነግሮ(ይሰብኮ)ነበረ::

እቶም ንሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣጸቢቖም ዝፈልጥዎን ብዛዕብኡ ዘይጠራጠሩ ዝነበሩ :እስልምና ምስ ነገሮም ብቕልጡፍ ተቐበልዎ::ኣብ ታሪኽ ምስልምና ድማ ከም ፈላም እስልምና ይፍለጡ ኣለው::ካብኣቶም ካኣ:
ኸዲጃ ቢንቱኹወይሊድ ኡሙልሙእሚንን( ኣደ ኣማኖ) በዓልቲ ቤት ነቢይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ፈለማ እስልምና ተቐበለት::ብድሕረኣ ኣገልጋሊ ነቢይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዝነበረ ዘይድ ቢን ሓሪሳ ቢን ሸርሓቢል ኣልከልቢ:ከምኡውን ረሱል ዝዓበየ ወዲ ሓው ኣቦኡ ዓሊ ቢን ኣቢ ጣሊብ:
ከምኡውን ናይ ቀረባ ብጻዩ ዝነበረ:ኣቡበክር ኣልሲዲቕ( እቲ ሓቀኛ ኣማኒ)ኣብ እስልምና ኣተዉ::
ኩሎም እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዎ:ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ነቢይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም:ዳዕዋ( ስብከት) ዝጀመሩላ መዓልቲ ኣመስለሙ::ኣቡበክር ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ ንጡፍን ሓያልን ብርቱዕን ኣስላማይ ኮነ::
እሱ ሃብታም:ተሓባባሪ;ልዙብን:ቅኑዕን ነበረ::ብዙሕ ሰብ ኣብ ገዝኡ ንፍልጠቱ:ቁምነገራዊ ዕርክነቱ:ግሩም ስራሑ ክብሉ ይመጽዎ ነበሩ::
እሱ እውን ብወገኑ:እስልምና ይቕበሉ ይኾኑ ኢሉ ዝኣመነሎም ሰባት:እስልምና ክቕበሉ ጻውዒት( ስብከት) ይገብረሎም ነበረ::ኣብ ኢዱ ዘመስለሙ ብዙሓት ነበሩ::ካብኣቶም ካኣ:ዑስማን ቢን ዓፋን ኣልኡመዊ:ኣልዙበር ቢን ኣልዓዋም ኣልኣሰዲ:ዓብዱራሕማን ቢን ያፍ:ሰዓድ ቢን ኣቢ ወቃስ

ኣልዛህረያን:ወጠልሓ ቢን ዑበይዳልላህ ኣልተይሚ:እዞም ሾመንተ እቶም ፈለምቲ እስልምና ኣብ መሪት ዓረብ ኮኑ::

ካልኦት ካብቶም ፈለማ ዘመስለሙ ከም ቢላል ቢን ረባሕ(ካብ ሓበሻ):ኣቡ ዑበይዳ ዓምር ቢን ኣልጀራሕ ካብ በኒ ሓርስ:ከምኡ'ዉን ኣቡ ሰለማ ቢን ዓብደልኣሰድ:ኣልኣርቐም ቢን ኣልኣርቐም ኣልመኽዙሚያት :ዑስማን ቢን መዝዑን ምስ ኣሕዋቱ ቁዳማን ዓብዱልላሂ ዝባሃሉን:ዑበይዳ ቢን ኣልሓርስ ከምኡ'ውን ዑበይዳ ቢን ኣልሓርስ ቢን ኣልሙጠሊብ ቢን ዓብድመናፍ:ከምኡ'ዉን ኽባብ ቢን ኣልኣርት:ዓብዱልላሂ ቢን መስዑድ ኣልሃዘሊ: ብዘይካ እዚኣቶም እዉን ብዙሓት ካለኦት ነበሩ::

እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ:እቶም ቀዳሞት ኣስላም( ሙስሊሚን)ካብ ተፈላለዩ ቀቢላታት ቁረይሽ ዝተዋጽኡ ነበሩ::እቲ ተመራማራይ ታሪኽ ደቂ ሰባት:ኢብን ሂሻም ክሳብ 40 ዝኾኑ ቀዳሞት ኣስላም ዘኪሩ ኣሎ::
ቀጺሉ ሰባት ብብዝሒ ካብ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን:ኾይኖም እስልምና ክኣትዉ ጀመሩ::ካብኡ ምስልምና ከም መስጢር ምሓዙ ኣይተኻእለን:ይብል ኢብን ኢስሓቕ::

ነቢይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ነቶም ሓደሽቲ ሙስልሚን:ኣስላም ብሕቡእ ረኺቡ ብዛዕባ እስልምና ይምህሮም ነበረ::እዚ ድማ ክሳብ እቲ እዋን እስልምና ብሕቡእን በብሓደ ኮይንካ ምስባኽ ዝነበረሉ እዋን ቐጸለ::ኣምላኻዊ መልእኽቲ( ዋሕይ)ብድሕሪ እታ ፈላሚት ቃል: ((ኦ:ኣንታ እትሽፈን ዘለኻ:ተስእ ተበራበር (ኣጠንቅቕ):ትብል ቃል:ተቐላጢፉ ክወርድ ጀመረ::እቶም ኣብቲ እዋን ዝወርዱ ዝነበሩ ጥቕስታት ግን ሓጸርቲ: ምስቲ ካብ ኣፍና ዝወጽእ ድምጺ:ዝሳነዩ ትርግታ ዝነበሮም ነበሩ::
እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይዞም ናይ መጀመርያ ጥቕስታት ድማ:ኣብ ነፍስና ካብ ኩሉ ሓጢኣታት( ዘንብታት)ነቶም ሙስሊሚን( ኣስላም)ብመዐሽዊ ገጽታ ሂወት ማለት:ዘብለጭልጭ ግርማ ዓለም ከይቅሸሹ ምዝኽኻር ዘተኮረ ነበረ::
እቶም ቀዳሞት ጥቕስታት ቅኑዕ ስእሊ ጋሃነም(ጀሃነም)ን ጀናን( ገነትን) ብምሃብ ንሙእሚኒን ካብቲ ኣብቲ ዘመኖም ገኒኑ ዝነበረ እከይ ሰነ-ምግባራት ኣርሒቑ ናብ ሓዲሽ ጎደና መረሖም::

## ኣስ-ሰላት እታ ጸሎት

ሰላት ምፍጻም ካብቲ መጀመርያ ናይ ምስልምና ዝወረደ ትእዛዛት እያ ኤራ::ሙቃቲል በኒ ሱለይማን ከምዚ በሉ:(( ኣብ ምጅማር ምስልምና ከም ግዴታዊ ዋጅብ ኮይና ተኣዘዘት::ክልተ ረክዓታት( ሓንቲ ረክዓ ትባሃል ወዲ ሰብ ኣብ ቅድሚ ረቢ ደው ኢሉ ጸልዩ:ተጎንቢሑን ኣብ መሬት ክልተ ግዜ ግንባሩ ንኣላህ ደፊኡ ክሳብ ኣብቲ ዝነበሮ ተመሊሱ ደው ዝብል ዘሎ ምንቅስቓሳት ተጠቓልል ክፍሊ ጸሎት(ሰላት ) ዘለዎ ጸሎት( ሰላት)ንግሆን ምሸትን ትስገድ ድማ ነበረት::ኣብ ቁርኣን ኣብ ሱረት ቓፍር ኣያ ቁ:55 ኣላህ ይብል:

وَسَبِّحْ بِحَمْدِ رَبِّكَ بِالْعَشِيِّ وَالْإِبْكَارِ (55)

"" ንግሆን ምሸትን ንረብኻ ሞግስን ኣመስግንን""ኻኣ ይብል::
ኢብን ሓጀር ከምዚበለ: "" ብርግጽ **ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም** ቅድሚ ለይለቱልኢስራእ ወልሚዕራጅ:እቲ ጉዕዞ ለይቲ:ይጽልይ( ይሰግድ)ነበረ::እንተኾነ ግን:እቲ ጸሎት( ሰላት)ግዴታ ምንባሩ ግን ኣካታዒ ነጥቢ እዩ ዘሎ::እታ ግዴታዊ ጸሎት( ሰላት)ኣብ መዓልቲ 2 ግዜ ንግሆን ምሸትን ማለት ቅድሚ ጸሓይ ምውጻእን ምእታዉን( ምዕራብን) ከምዝነበረ ይንገር እዩ።
ከምቲ ካብ ሰንሰለታዊ ዘረባ( ወረ)እንዳተወራረሰ ዝበጻሓና:**ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም** ናይ መጀመርታ ኣምላኻዊ መልእኽቲ( ዋሕይ)ምስ ተቐበለ:ጂብሪል ከመይ ጌሩ ቅድሚ ሰላት ዝግበር ኣታሓጻጽባ:ገለ ክፍሊ ኣካላት:ውድእ ከምዝግበር ኣርኣዩ::**ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም** ምስ ወደአ ኻኣ ቅሩብ ማይ ኣብ ሽምጡ ነስነሰሉ::
ኢብኒ ሂሻም ከምዝበሎ ኣብ ጽሑፋቱ:ግዜ ሰላት (ጸሎት)ምስ ኣኸለ ረሱል:ልኡኽ ኣላህ **ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም** ምስ ብጾቱ ተሓቢኦ ክጽልዩ( ክሰግዱ)ናብ ሓንቲ ጎቦ ኸዱ::ኣብቲ እዋን ብሕቡእ እዮም ዝጽልዩ ዝነበሩ::

> ኣብ መጻኢ ሕታምና ቁ:19 እንሻኣላህ ብዛዕባ (( **ቁረይሽ ባዛዕባ እቲ ጻውዒት( ስብከት ምስልምና ምፍላጠምን ግብረ-መልሶምን ከነቕርብ ኢና::**

# *ዳዕዋን ኣገባቡን*
## *መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ(ሰባኺ) (4) ትሕትና*

### ኣልተዋዱዕ( ትሕትና )
ትዕቢት ድንቁርና ኣብ ርእሲ ምኻኑ ናይቲ ትዕቢተኛ ብፈጣሪኡን ብነፍሱን ዘይምፍላጥ ብሩህ ጭብጢ እዩ::
ሓደ ትዕቢተኛ ረቡ እንተትፈልጥ እዚ ጠባይ ክንደየናይ ሓደገኛ ከምዝኾነ ምስ ተረደኦ ኔሩ::ዓበይቲ ፈላጣት ከምዝብልዎ እውን እንተዳኣ ጠባይ ናይ ትዕቢት ኣብ ሓደ ልቢ ሰብ ክኣቱ ጀሚሩ ብደረጃ ናይቲ ትዕቢት ኣእምሮኡ ከምዝጎድል ይሕብሩ::
ኣብ ነፍሱ ትዕቢት ዘሕድር ዉልቀሰብ:ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ካብቲ ናቱ ኣያት የርሕቆ እዩ::ስለ ኣላህ ንትሕተኛታት ዝፈቱ::ነዚ ብዝምልከት ካኣ ኣብ ቁርኣን ብዙሕ ጥቕስታት ንረክብ:ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ቓፍር ጥቕሲ ኣያ 27 ይብል:

وَقَالَ مُوسَى إِنِّي عُذْتُ بِرَبِّي وَرَبِّكُمْ مِنْ كُلِّ مُتَكَبِّرٍ لا يُؤْمِنُ بِيَوْمِ الْحِسَابِ

(27)

لا جَرَمَ أَنَّ اللَّهَ يَعْلَمُ مَا يُسِرُّونَ وَمَا يُعْلِنُونَ إِنَّهُ لا يُحِبُّ الْمُسْتَكْبِرِينَ

(23)

ከምኡውን ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣዕራፍ ጥቕሲ ኣያ 27 ይብል:

سَأَصْرِفُ عَنْ آيَاتِي الَّذِينَ يَتَكَبَّرُونَ فِي الأَرْضِ بِغَيْرِ الْحَقِّ وَإِنْ يَرَوْا
كُلَّ آيَةٍ لا يُؤْمِنُوا بِهَا وَإِنْ يَرَوْا سَبِيلَ الرُّشْدِ لا يَتَّخِذُوهُ سَبِيلاً وَإِنْ يَرَوْا
سَبِيلَ الغَيِّ يَتَّخِذُوهُ سَبِيلاً ذَلِكَ بِأَنَّهُمْ كَذَّبُوا بِآيَاتِنَا وَكَانُوا عَنْهَا غَافِلِينَ

(146)

ኣብ ሱና እውን ከምቲ ነብዩና ሙሓመድ ዝብልዎ:( ሓደ ዉልቀሰብ ናይ ልዑልነትን ትዕቢትን ጠባይ እናማለአ ዝኸይድ ሰብ:ብሓቂ ካብቶም ትዕቢተኛታት እዩ ዝጸሓፍ::ብእኡ ንቡኡ እውን ነቶም ትዕቢተኛታት ዘጋጥሞም መቕጻዕቲ ይገጥሞ::
ረሱል ከምዝብልዎ እውን ክንዲ ኣድሪ ዝኸውን ንእሽቶ ትዕቢት ኣብ ልቡ ዘስፍር ሰብ ጀና(ገነት) ኣይኣቱን እዩ::ረሱል ከምዝበልዎ እዉን :ትዕቢት ሓቂ ዘይምቕባል ኣብ ርእሲ ምኻኑ ንኻለኦት ሰባት ምንዓቕን ምንእኣስን እዩ::ሓደ ትዕቢተኛ ኩሉ ግዜ እዩ ንሓቂ ዝነጽግ ብጌጋታቱ እውን ኣይእረምን እዩ::እቲ ዝፍጽሞ ተግባር ኩሉ ግዜ ምሉእን ቅኑዕን ኮይኑ እዩ ዝራኣዮ::ነፍሱ ታዓጅቦ ናይ ካለኦት ስራሕ ካኣ የስተናዕቕን የናእስን::

### ግን ምኽኒያት ትዕቢት እንታይ ኮን ይኸዉን:
ንትዕቢት ዝድርኽ ረቋሒታት እምበኣር :ሓደ ዉልቀሰብ ነፍሱ ምስ ትዓጅቦን:ብትምህርቱ ወይ ገንዘቡ:ወይ ዓልየቱን ስልጣኑን:ክኾርዕ ምስ ዝጅምር እዚ ብኣላህ እተለገሰሉ ልግስታት ብገዛእ ጻዕሩን ብልሓቱን ከምዘምጸኦ ስለ ዝኣምን እዩ:ናይ ትዕቢተኛ ጠባያት ዘማልእ::

### ፈውሲ ትዕቢት:
ናይዚ ሓደገኛ ዝኾነ መለለይ ጠባይ ትዕቢት ፈውሲ ኻኣ:እቲ ናይ ትሕተኛ ምኻን መለለይ ጠባይ ምምላእ እዩ::እዉ ትዕቢት ንኢማን ስለ ዝሽፍንን ንጽቡቕ እተሰርሐ ስራሕ ስለ ዘማራስሕን ናብ ልብና ከይቅልቀል ክንቃለስ ይግባእ::ዓቕሚ ነፍስኻን ትሕዝቶኻን ፈሊጥካ ምኻድ ኣዝዩ ኣድላዩ እዩ::ኩሉ እተለገሰልና ልግሲ ካብ ረቢ ከምዝኾነ ፈሊጥካ ትሕተኛታት ክንከዉን ይግባእ::

ግን እንታይ እዩ እቲ ትርጉም ናይ ትዕቢት:እቲ ሓቂ ዝኾነ ፍልጠት ፍረኡ ብኣላህ ፍልጠትካ ኣዕሚቕካ ካብቲ ሕማቕ ዝኾነ ጠባያት ምርሓቕን ምእላይን የስዕብ::ናብቲ ጽቡቕ ዝኾነ መለለይ ጠባይ ናይ ትሕተኛ የሰጋግር::ንረቢ እሰግድ ኣለኹ:እግዘኦ ኣለኹ:ፍልጠት ናይ ምስልምና ኣለኒ ኢልካ እውን ክትዕበይን ክትኮርዕን( ኣሉታዊ ኩርዓት)ጽቡቕን ግቡእን ኣይኮነን::

ቅድም ቀዳድም እዚ ዝትግበር ናይ ኣምልኾት ( ዒባዳ)ብረቢ ተቐባልነት:ከምዘለዉ ከመይ ጌሩ:ይፈልጥ::
ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልነጅም ጥቕሲ ኣያ 32 ከምኡ' ዉን ኣብ ሱረት ኣልኒሳእ ኣያ 49

فَلا تُزَكُّوا أَنفُسَكُمْ هُوَ أَعْلَمُ بِمَنْ اتَّقَى (32)

أَلَمْ تَرَ إِلَى الَّذِينَ يُزَكُّونَ أَنفُسَهُمْ بَلْ اللَّهُ يُزَكِّي مَنْ يَشَاءُ وَلا يُظْلَمُونَ فَتِيلاً

(49)

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ኣያት ካብቲ ንነብስኻ ኣብሊጽካ ምርኣይን ከም ጽቡቕ ገባራይ እሞ ናብ ትዕቢት ክወስድ ዘኽእል ጠባይ ከነወግድን ከነርሕቆን ኣላህ ይእዝዘና::
እወ ንኣላህ ክንሰግድን ክንግዛእን ግቡእ እዩ::ሓደ ዉልቀሰብ ኣነ ሰጋዳይ: እየ ጸዋማይ እየ:ወዘተ ኢሉ ክዛረብን ክዕበይን ቅኑዕ ኣይኮነን::ዳሕራይ ካኣ: ነዚ ጽቡቕ ተግባራት ክፍጸም ዘሓገዘ ኮ እቲ ልዑል ፈጣሪ እዩ::

ክቡር ኣንባቢ እንበኣር ትሕትና ሓደ ኣገዳሲ ዝኾነ መለለይ ጠባይ ናይ ሓደ ዳዒ( ናብ እስልምና ዝሰብኽ)ሰብ እዩ::ናብቲ ሓቅን ቅኑዕ መንገዲ ናይ ምስልምና ዝሰብኽ ሰብ:እዚ መለለይ ጠባይ ከማልእ ይግባእ::ብተፍጥሮኦም ደቂ ሰባት ጸብለልትነትን ትዕቢተኛ ዘርኢ ሰብ ኣይፈትዉን እዮም::

ሽሕኳ ሓደ ሰብ ሓቂ ይዛረብ እንተዳኣ እቲ ሰብ ትዕቢተኛ ኮይኑ ተቐባልነት ኣይክረክብን እዩ::ሓደ ዳዒ እንተዳኣ ብዝሰርሖ ስራሓትን ተግባራትን ክኾርዕ ጀሚሩ:እሞ ኣነ ትብል ቃል ኩሉ ግዜ ተገድሶ እንተኾይና:ብኻልእ ሸነኽ ካኣ ንኻለኦት እንተዳኣ የስታሕቕርን የናእስን ኮይኑ:ካብቲ ናይ ምስልምና ልዑል ጠባይ ይርሕቕ ከምዘለሎ ክርዳእ ይግባእ::
ኣብ ክንዲ ንሰባት ናብ መንገዲ ምስልምና ዘቕርብ ካኣ በንጻሩ ሰባት የርሕቅ ከምዘሎ ምፍላጥ የድሊ::

እሞ ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን ካብዚ ሓደገኛ ዝኾነ ናይ ትዕቢት መለለይ ጠባይ ርሒቕና እቲ ብረቢ ዝተፈትወ ጠባይ ናይ ትሕትና ከነማልእ ክንጽዕር ንፈትን::ረቢ ንትሕተኛታት ከምዝፈቱ ኻኣ ክንርስዕ የብልናን::

# ትፈልጡ'ዶ

ብተውፊቕ ያሲን

ነብይ ኣላህ ኢብራሂም ወዲ ጣሪቅ (Tarikh) ከምዝባሃል ኣብ ከባቢ ባቢሎን ድማ ከምእተወልደ ናሁርን ሓራን ዝባሃሉ ኣሕዋት ከምዝነበርዎን, ሓራን ድማ ናይ ነብይ ሉጥ ኣቦ ከምዞኾነ። ነብይ ኣላህ ኢብራሂም ከ ን ሳራህ ትብሃል ከምእተመርዓ ወ ኣይትስሕትዎን መስለኒ ግን ንሳራ ምስተመርዓ ወ ምስ ኣቡኡ ጣሪቕን ምስ ወዲ ሓዉ ነብይ ሉጥን ን ጆርሳሌም ከም ዘምርሑ፣ ኣብ ሓራን ትባሃል ቦታ ኣብ
ዒራቅ ምስ በጽሑ ኣቦ ነብይላህ ኢብራሂም ኣብ መበል 250 ዓመት ዕድሜኡም ከምዝዓረፉ ኸ ገለ ዶ በጺሕኩሞ? ነብይ ኣላህ ኢብራሂምን ሰበይቶም ሳራን ወዲ ሓወሞ ነብይ ሉጥ ቅድሚ ናብ ፊልስጢን ምምላሶም ከ ናብ ሓንቲ ከተማ ኣብ ግብጺ ከምዝኣተዉ ሓበሬታ ዶ ኣለኩም? ድሕሪኡ ኸ ነብይ ኣላህ ኢብራሂም ምስ ባዓልቲ ቤቶም ሳራህ ምስ ወዲ ሓዎም ነብይ ሉጥን ምስ እታ ኣብቲ እዋን ዝነበረ መራሒ ግብጺ ዝተዋህበቶም ኸዳሚት ሓጀር ካብ ግብጺ ከም እተበገሱ ትፈልጡ ዶ? ብፍቃድ ናይ ነብይ ኣላህ ኢብራሂም ነብይ ሉጥ ናብ ኣል-ጋሁር ዝባሃል ኣብ ሶዶም ከምዘምረሐን ከምእተቀመጠን ትፈልጡ ዶ? ብፋቶት ናይ ሰበይቶም ሳራ ኸ ንሓጀር ከምእተምርዓውዋ ካብኣ ድማ ኣብ መበል 86 ዕድሜኦም ነብይ ኣላህ ኢብራሂም ንእስማዒል ከምዝወለዱ ኸ ገለ ዶ በጺሕኩሞ? ነብይ እስማዒል ምስተወልደ ብቕንኢ ሳራ ን ሓጀር ክርኢያ ኣይደልን እየ ከም ዝበለት ትፈልጡ ዶ? በዚ መሰረት ትእዛዝ ናይ ጎይታ ኮይኑ ነብይ ኣላህ ኢብራሂም ንሃጅርን ንእስማዒልን ናብ ማካ ከምዘምጽኦም ከ ኣብ ገለ ዶ ሰሚዕኩሞ ወይ ኣንቢብኩሞ? ኣብ መካ ብናይ ሕጂ ኣጸዋውዓ ኣብ ወገን ሰሜናዊ ሸነኽ ናይ ፈልፋሊ ማይ ዘምዘም ንሓጀርን ንነብይ እስማዒል ነብይ ኣላህ ኢብራሂም ሉቆታ ማይን ሓንቲ ዘንቢል ተምርን ጥራይ ሂቡ ኀኽልቲኦም ኣብኡ ከምዝሰደዶም ትፈልጡ ዶ? ዳሕር ከ ሃጅር ደድሕሪ ነብይ ኣላህ ኢብራሂም ብምስዓብ ከምዚ ክትብል ክልተ ግዜ ሓተተቶ ..ኣብራሃም! ኣብዚ ሰብ ዘይነብሮን ክትነብር ዘይትኽእለሉን ስንጭሮ ዲኻ ገዲፍካና ክትከይድ? ኢላ ከምዝሓተቶን ነብይላህ ኢብራሂም ውን ከምዘይመለሰላን ከ ገለ ዶ በጺሕኩሞ። ኣብ መጨረሽታ ..ከምዚ ክትገብር ረቢ ዲዩ ኣዚዙካ? ኢላ ምስ ሓተተቶ እወ ትብል መልሲ ምስ ሃባ ደሓን ከምኡ እንተኾይኑስ ክንመውት ኣይገድፈናን እዩ። ከምዝበለት ከ ትፈልጡ ዶ? ካብኦም ቁርብ ምስ ተጓዕዘ ክውል ኢሉ ኸኣ ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ ናብ ረቢ ከምዚ ኢሉ (ኣብ ሱረት ኢብራሂም ኣያ 37 ትረክብ) ..

رَبَّنَا إِنِّي أَسْكَنتُ مِنْ ذُرِّيَّتِي بِوَادٍ غَيْرِ ذِي زَرْعٍ عِنْدَ بَيْتِكَ الْمُحَرَّمِ رَبَّنَا لِيُقِيمُوا الصَّلَاةَ فَاجْعَلْ أَفْئِدَةً مِنَ النَّاسِ تَهْوِي إِلَيْهِمْ وَارْزُقْهُمْ مِنَ الثَّمَرَاتِ لَعَلَّهُمْ يَشْكُرُونَ (37)

ዱዓ ከምዘገበረ ገለ ኣብ እቲ ቁዱስ ቁርኣን ኣንቢብኩሞ ትኾኑ ኢኹም።

እሞ ዝተረፈ ኸ ኣብዝቅጽል ኢንሻኣላህ እንተመላእናዮ እንታይ ትብል ኩቡር ኣንባቢ?

ዝኾነ ጌጋ እንተዳኣሃልዩ ብፍላጠይ ኣይኮነን ናይ ታይቢንግ ወይ ድማ ናይ ሕጽረት ፍልጠይ ክኸውን ስለዝኽእል ነቲ ሉኡል ጎይታ ምሕረት ይሓትት።

ምንጪ፣

Stories of The Prophets, Ibn Katheer translated by Sayed Gad Tamir Abu As-Su'ood, Mohammad A.M. Abu Sheishaa.


ኣብ ትሕቲ Alhuda1.com ነዚ ዝስዕብ ብጸጋም ዘሎ ጠዊቕኩም

| | |
|---|---|
| Home | እቲ ቀንዲ ገጽ ናይ መርበብ ኣልሁዳ እዩ |
| · Editions | ንሕታማት ኣልሁዳ ኣብ ትሕቲ Editions ትብል ሊንክስ ከተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም |
| · Topics | ዝተፈላለየ ኣርእስትታት ( ዛዕባታት) ኣብ ትሕቲ Topics ከተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም |
| · Prophets | ብዛዕባ ነቢያት ብኢንግሊዘኛ |
| · Hadith | |
| · QurAn | ኣብዚ እውን ሓደ ሓደ ትርጉም ሱራታት ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም. |
| · Audio & Video | |

# *ኒሳኡል ኻሊዳት*
## *(ኣብ ጀና ነበርቲ ዝኾና ደቂ ኣንስትዩ)*

ቢስሚላሂ ኣራሕማኒ አራሒም ወልሓምዱ ሊላሂ ረቢል ዓለሚን ወሰላት ወሰላም ዓላ ሰይዲና ሙሓመዲን ነቢይል ከሪም ወዓላ ኣሊሂ ወኣስሓቢሂ ኣጅመዒን::
እምበርከስ ዝኸበርኩም ኣሕዋተይን ኣሓተይን ምስ'ዛ ሓዳሽ ጽሑፈይ እስላማዊ ሰላምታይ የቕርበልኩም
*ኣሰላም ወዓለይኩም ወራሕመቱላሂ ወበረካቱ*

**ቅድሚ ኣብቲ ዋና ጽሑፈይ ምእታውይ ነዛ ኣርእስቲ እዚኣ ክመርጽ ዘገደደኒ ነገራት ኻኣ ክገልጽ ክፍትን እየ:: እሱ ኻኣ ብዛዕባ ጓል ኣንስተይቲ ብብዝሒ ክዛረቡን ክከራኽሩን ከምኡውን ንእስልምና ዘይሽሙ ሂቦም ከጸልምዎ ስለዝሰምዕ እየ::እስልምና ንጓል ኣንስተይቲ መሰላ ኣይሕልወላን እዩ ይብሉ:: እዚ ኣባህላ እዚ ግን ጉጉይ እዩ:: ኣብ እስልምና መሰል ጓል ኣንስተይቲ ልክዕ ከምቲ መሰል ናይ ወዲ ተባዕታይ ዝተሓለወ እዩ:: : በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ኣብ ታርኽ ናይ እስልምና ብሰፊሑ ብዛዕባ ጓል ኣንስተይቲ ተገሊጹ ንረኽቦ:: ብኣንጻሩ ክንርኢ እንኮሎና ቅዲሚ እስልምና ምምጽኡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ናይ ዓለም መሰል ጓል ኣንስተይቲ ከምይ ከምዝነበረ ንታዓዘብ:ንኣብነት:**

### ኣብ ግሪኽ ጓል ኣንስተይቲ ይሸጥዋን ይልውጥዋን ነበሩ:

- ሮማውያን ጓል ኣንስተይቲ ንእሽቶይ ወይ ፎኪስ ሓንጎላ ኢሎም ብምእማን ኣብ ውስን ቦታ የቀምጥዋ ነበሩ
- ኣብ ፈረንሳ ኸኣ ዓቢ ኣኼባ ገበሩ ብዛዕባ ጓል ኣንስተይቲ ሰብ ዲያ ወላ ካልእ ፍጥረት ኢሎም: እቶም ተሳተፊቲ ኣኼባ ድሕሪ ነዊሕ ዝርርብ ተሰማምዑ: ሰብ እያ ግን ንወዲ ተባዕታይ ኽተገልግል እያ ተፈጢራ በሉ
- ከምኡውን ኣብ ሰውራ ናይ ፈረንሳ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝኾነ ውዕል ክትገብር ክሳብ 1838 መስል ኣይነበራን
- ኣብ እንግሊዝ ክሳብ 1805 ሰብኣይ ንሰበይቱ ብሕጊ ክሸይጥ ይፍቐደሉ ነይሩ
- ኣመሪካዊያን መሰል ጓል ኣንስተይቲ ክሕለው ኣለዎ ኢሎም ይዛረቡ: ግን እሳቶም ኸ መዓ ስ እዩም መሰላ ዝሓለውላ: ኣብ 1920 እዩ ኔሩ::
- ምዕባለ ኣብ ደቂ ሰባት እንዳ ተራኣየ ምስከደ እቲ መሰል ጓል ኣንሰይቲ ድማ ምስኡ እንዳ ማዕበለን እንዳ ተረደኦምን መጸ::
- እስልምና ኸ መዓስ እዩ መሰላ ዝሓለወላ ? እስልምና ንጓል ኣንስተይቲ ካብ መጀመርያ ደቂ ሰባት ክፍጠሩ እንከለው ኣትሒዙ ብዓሚቅ ኣረኣእያ እዩ ዝርእያ ዝነበረ

ኣላሁ ዓዛወጀል ኣብ ቁርኣኒል ከሪም ኣብ ሱረት ኣኒሳእ ቁጽሪ 1 ከምዚ ዝስዕብ ይብለና

يَا أَيُّهَا النَّاسُ اتَّقُوا رَبَّكُمْ الَّذِي خَلَقَكُمْ مِنْ نَفْسٍ وَاحِدَةٍ وَخَلَقَ مِنْهَا زَوْجَهَا

( ኣላሁ ዓዛወጀል *ጓል ኣንስተይቲ* ቀንዲ መሰረት ናይ ደቂ ሰባት ም'ኻና የረጋግጸልና:እሳን ኣቡና ኣደምን )
ኣረሱል ሰለላሁ ወዓለይሂ ወሰለም ይብሉ *ጓል ኣንስተይቲ ክፋል ናይ ወዲ ተባዕታይ እያ* ብተወሳኺ ውን ኣረሱል ሰለላሁ ወዓለዒ ወሰለም ይብሉ: (( *ምሉእ ኢማን ዘለዎ ሰብ እቲ ዝበለጸ ጠባይ ( ሰናይ ተግባር) ኣብ ሊዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ዝፍጽም እዩ:.*
እስልምና ንጓል ኣንስተይቲ እንታይ ከምዝገበረላ ከምኡውን እንታይ ከምዝቀየረላ ድማ ንታዓዘብ
ኣላሁ ዓዛወጅል ይብለና ኣብ ሱራ ኣልተውባ ቁጼሪ (71)

(وَالْمُؤْمِنُونَ وَالْمُؤْمِنَاتُ بَعْضُهُمْ أَوْلِيَاءُ بَعْضٍ يَأْمُرُونَ بِالْمَعْرُوفِ وَيَنْهَوْنَ عَنْ الْمُنكَرِ

- ኣላሁ ዓዛወጀል ንጓል ኣንስተይቲ ካለኣይቱ ንወዲ ተባዕታይ ገይርዋ ኣብ ኩሉ መዳያት ትካፈል: ትመክር: ትዛተ:
- ተሰካሚት ሓላፍነት ገይርዋ:ትሕተት: ብዓቒዳ (ብእምነት ) ከምቲ ወዲ ተባዕታይ ዝሕተቶ
- ከምእውን ብሸርዒ :ሕግታት ሓጊጉላ ጓል ኣንስተይቲ ሰለ ዝኾነት ንኸይትጭቆን መሰላ ንኸይግፈፍ
- ሸሻይ ከፊቱላ: ትሸይጥ ትልውጥ ትውንን ገንዘብ ውን ትመልኽ ነበረት
- ኣኽቢሩዋ ናጽነት ሂቡዋ ሓላፍነት ናይ ስድራ ቤታ ኣሰኪምዋ ማዕረ ምስ ወዲ ተባዕታይ

ኣረሱል ሰለላሁ ወዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

***ኩሉኩም ራዕ ወኩሉኩም መስኡል ዓን ራዕየቲሂ:***

كلكم راع وكلكم مسؤول عن رعيته

- ሓላፍነት ናይ ነብሳ ሂቡዋ ዝደለየቶ ክትምርያ ጓል ትኹን ሓያም :ኣገዲድካ ምምርዓው ግን ባህርያት ናይ ጃሂሊያ ( ቅድሚ ምስልምና ዝነበረ ደንቆሮ ኣተሓሳስባ) እዩ: እስልምና ብጣዕሚ እዩ ዝቃወሞ: እዚ ከኣ ኣብ ገለገለ ሃገራት ከምኡውን ኣብ ሃገርና ብብዝሒ ክዝውተር ንርእዮ ኣለና:: እዚ ግን ክንሓስበሉን ካብኡ ክንውገድን ይግባኣና::

ንጓል ኣንስተይቲ ኣብ ፓሎቲካ ኣብ ዲፋዕ ኣብ ምክልኻል ኣብ ሕክምና ከምኡውን ኣብ ርእይቶ ምሃብ ተኻፊላ: ንኣብነት

*ኡሙ ሰለማ ረዲየላሁ ዓንሃ.ንረሱል ሰለላሁ ወዓለሂ ወሰለም* ኣብ ጉዳይ ናይ *ሑደይቢያ* ርእይቶ ሂባቶም: (ቅድም እስኻ ጀምረሎም ያ ረሱለላህ በለቶም) ይብሉ ዑላማእ እሳ ርእይቶ እንተዘይትልግስ ነይራ ሙስልሚን ኣብ ዓቢ ሽግር ምወደቑ ነይሮም:: ንሙስሊሚን ኣድሒናቶም ይብሉ::

እስልምና ጓል ኣንስተይቲ ዕድል ናይ ትምህርቲ ከፊቱላ: ፈላጥ ብሓዲስ ብፍቅሂ ነይራ እዚ ሕጂ ዝጥቀሙሉ ዘለው ዑለማእ ገለገለ ካብ ደቂ ኣንስትዪ ዝመንጨወ እዩ:: ንኣብነት *ስትና ዓኢሻ ረዲየላሁ ዓንሃ::*

እዚ ኩሉ ምስረኣኹ ብጣዕሚ ተገሪመ: ካብዚ ንላዕሊ እውን ክንገልጽ ምኻኣልና ኔርና ግን ኣርእስትና ብዛዕባ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ እስላም ዘይኮነስ ብዛዕባ ኒሳኢል ኻሊዳት እዩ::

እዚ ኩሉ ክንትንትኖ ዝጸናሕና ግን ኣብ ውሽጢ እቲ ታርኽ ስለ እንረኽቦ ከም ኣብነት ደኣ ኣቕሪብናዩ እንበር ናይ ገዛእ ርእሱ ኣርእስቲ ሒዙ ክመጸና እዩ:: እዚ ኻኣ ንዓና መምርሒናን ኣብነትናን እዩ ግን ብጣዕሚ ካብ ዘሕዝን መብዛሕትና ሙስሊምን ደቂ ኣንስቲዩ: ቢሳሊሓት ብሙኢምናት ብኣደ ኣንቢያታት ቢኣንስቲ ረሱል ሰለላህ ወዓለይሂ ወሰለም ከምኡውን ብሳሒቢያት ብታቢዕያት ከይንክተልን ከይንምራሕን ብጡፉኣት ዝኾና ደቂ ኣንስቲዩ ደረፊቲ ተዋሳእቲ ከምኡውን ናይ ጽባቐ መልክዕ መለኽቲ(መሊከትል ጀማል ) ዝባሃላ ደቂ ኣንስትዩ: ናተን ኣሰር ብምኽታል ዝገበረኦ ሞዳ ኣካድና እስልምና ዘየፊቕዶ ከምኡውን ኣማሽጣና እንዳቀያየርና ጨግርና ቀሊዕና ንኸይድ:: እዚታት ክንገብር ግን እስልምና ብጥብቂ እዩ ዝቃወመና::

እስልምና ንጓል ኣንስተይቲ ካብ ወዲ ተባዕታይ ኣየዳለዋን: እንታይ ዳኣ እቲ ሕብረተሰብ እዩ ጸቒጥዋ ነይሩ: ካብ ጃሂልያ ብዝወረሶም ሊምድታት ክትማሃር: ክትሰርሕ : ክትሽቕጥ የብላን እንዳበሉ ካብ ኩሉ ነገራት ይሕርምዋ ነበሩ::
እዚ ዘለናዩ ዘመን ግን ኣልሓምዲልላህ ደቂ ኣንስቲዮ ዶክተራት መሃንዲስን መማህራን... ወ.ዘ.ተ ኮይነን ይርከባ ኣሎዋ ::እቲ ቀንዲ መሰረት እስልምና ክረአ ይጅምር ኣሎ:: ሓንቲ ኢድ በይና ኣይተጣቕዕን እያ ከም ዝበሃል ጓል ኣንስተይቲ ክፋል ናይ ወዲ ተባዕታይ ስለ ዝኾነት ኣብ ጎኒ ወዲ ተባዕታይ ኮይና ዲና ክተስፋሕፍሕ ክትጽዕር ኣለዋ:: ንሕጂ ኣብዚ ይድምድም ኢንሽኣላህ ኣብ ቀጻሊ ጽሑፍና ብሰላም የራኽበና::

---

**ካብ መጽሓፍ ብሉቕ ኣልመራም** **ቁ:ሓዲስ**:1322.

ዚያድ ቢን ሒማር ረቢ ይርደየሉ ይብል:ልኡኽ ናይ ኣላህ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ በሉ በለ:(( ኣላህ መልእኽቱ ኣውሪዱለይ እሞ ( እንቱም ደቂ ሰባት) ትሕተኛታት ኩኑ:ምእንቲ ሓደ ካባኻትኩም ንኻልእ ከይዕምጽ:ወይ ሓደ ኣብ ልዕሊ ሓደ ከይኮርዕ: ይብል እቲ መልእኽቱ::

**መግለጺ:**
ምዕማጽን:ትዕቢተኛ ምኻንን ነውራማት ነገራት ኣብ ርእሲ ምኻኖም ኣብዛ ዓለምን ኣኼራን ከቢድ መቕጻዕቲ ከመዘለዎም ኣብ ካልእ ሓዲሳት ረሱል ኣጠንቂቖሙና እዮም::ኣብዛ ሓዲስ ካኣ እዘን ክልተ ነውራማት መለለይ ጠባያት:ምዕማጽን ትዕቢተኛ ምኻንን:ካብ ትሕተኛ ሰኣን ምኻን ዝጥጥዑ ጠባያት እዮም::

ሙስሊም ኣዘንትዩዎ::

---

**ካብ መጽሓፍ ብሉቕ ኣልመራም** **ቁ:ሓዲስ**:1323

ኣቡ ኣርደርዳእ ረዲያልላሁ ዓንሁ: ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ ይብሉ በለ:(( ንሙስሊም ሓዉ ብድሕሪኡ( እሱ ኣብዘይብሉ እዋን) ኣክንዲኡ ክብረቱ እንተ ተኸላኺሉ(ተጣቢቕሉ)ኣላህ:ኣብ የውመልቂያማ: ኣብ ገጹ ሓዊ ከይቀርቦ ክከላኸለሉ እዩ::

መግለጺ:
ኣብ ቅድሜና ሓደ ሰብ ክሕመ ክንሰምዕ እንከለና:ነቲ ዝሓምዮ ዘሎ ሰብ:ጽቡቕ
ጠባያት ናይቲ ዝሕመ ዘሎ ሰብ ዘኪርና:ነቲ ሓማያይ ደው ከነብሎ ይግባእ::ከምኡ እንተጌርና ኻኣ ኣላህ ካብ ሓዊ ገሃነም ከድሕነና ምኻኑ ከነስተውዕል ይግባእ::

ኣልቲርሚዚ ኣዘንትዩዎ::

# ቅንእን ዓስቢ ናይ ሰናይ ገበርትን

*ብኣቡ ዓብዱራሕማን*

ሓበሻ ክምስሉ ከለዉ:ዘይቀንእ ኣይወለድ ይብሉ::ቅንኢ ጽቡቕን ኣወንታዊ ዝኾነ ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል እዩ::ማለት ናብ ውድድርን ዝያዳ ጻዕሪ ክወስድ ስለ ዝኽእል::ሓደ ድኹም ተማሃራይ ካብኡ ዝነፍዕ ምስ ዝርኢ ቅንኢ ስለ ዝሓድሮ ከርክቦን ክሓልፎን ኢሉ ብምሕሳብ ብቕንኢ ተደሪኹ ዝያዳ ጻዕሪን ተገዳስንት ብትምህርቱ የሕድር::
ከምዚ ዝኣመሰለ ቅንኢ እሞ ናብ ምምሕያሽን ምምዕባልን ዝድርኽን ዝደፍእን ንሓደ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ::

ግን ንቅንኢ ካልእ ኣሉታዊ ዝኾነ ሸነኽ: ኣዕናዊ ጽልዋ እዉን ኣለዎ::ምናልባት ጌጋ ይኽላኣለይ እምበር ኣብ ሱረት ዩሱፍ ነዚ ናይ ቅንኢ ተግባር ብዝበለጸ ኣገባብ ተሳኢሉን ቀሪቡን ኣሎ::
ኩላትና ከም እንፈልጦ:ሰይድና ዩሱፍ ቆልዓ ህጻን እንከሎ በብኡ ፍልይ ዝበለ ፍትወትን ተገዳስነትን ስለ ዝነበሮ ኣሕዋቱ ነዚ ናይ ኣቦኦም ንዩሱፍ ዝረአ ፍትወት ደስ ስለ ዘይበሎም:ካብ ዓይኒ ኣቦኦም ከርሕቕዎ ዉዲት ኣሊሞም ክቐትልዉ ፈቲኖም እዮም::

ንንእሽቶ ሓውኻ ካብ ምውቕ ገዝኡ ኣውጺኻ ኣብ ጉድጓድ ክትድርቢ እሞ ኣብ ጽሙው ዝበለ በረኻ እንታይ ዓይነት ቅንኢ ኮን ይመስለኩም::ግን ቅንኢ ዘይገብሮ የብሉን::
ንረቢ ኢልካ ጽቡቕ ስራሕ ኣብ እትሰርሓሉ ብኻለኦት ሰባት ብሰንኪ ቅንኢ ይኹን ወይ ዘይምርዳእ ኣብ መንግድኻ ብዙሕ ዕንቅፋት ክትረክብ እውን ትኽእል ኢኻ::እዚ እውን ሓዲሽ ነገር ኣይኮነን ኩላትና ዛንታ ሃቢልን ቃቢልን ንፈልጥ ኢና::

እቲ ካብ ሱረት ዩሱፍ ሓደ ካብ ብዙሕ ትምህርታት ክንማሃሮ እንኽእል እዚ ዝስዕብ እዩ::ሓደ ስራሕ ምእንቲ ኣላህ ኢልካ እትሰርሖ እሞ ብሰንኪ ቅንኢ ኮይኑ ወይ ድንቁርና ካብ ካለኦት ዘጋጥመካ ዕንቅፋት ብትዕግስቲ ክትሓልፎ ናይ ግድን እዩ::ማለት ናይ ረቢ ስራሕ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ ኢልካ ጸገማትን ዕንቅፋትን ከም ፈተነ ናይ ረቢ ወሲድካ ስራሕካ ከትሰላስልን ከተሳልጥን ይግባእ::ዛንታ ናይ ነቢያት ነዚ ዝብሎ ዘለኹ እውን ሓቅነቱ የረጋግጽ::

ግን ጥዑይ ሰብ ንረቢ ዝሰርሕ ካብቶም ደናቁር ኣሕዋቱ ዘጓንፎ ዕንቅፋት ብንቕሓትን ብዝበለጸ ኣገባብ ክሓልፎ ናይ ግድን እዩ::ሰይድና ዩሱፍ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ምስ ኣሕዋቱ ተፈልዩ ከብቅዕ ምስ ተራኸቡ:ነቲ እከይ ዝኾነ ሕሱም ተግባራቶም:( ኣብ መንጎና ሸይጣን ኣትዩ እዩ ነቲ ሕማቕ ነገራት ክፍጸም ዘተባበዐ)ብምባል ንኣሕዋቱ ምሒርዎም::ናይ ረቢ ሰብ ከምዚ ናይ ዩሱፍ ተግባር ክፍጽም እዩ ዝጽዕር::

እቶም ኣሰር ሸይጣን ተኸቲሎም:ንገዛእ ነፍሶም ኣብሊጾም ዝሪኡ ሰባትን ብሰንኪ ቅንኢ ንኣሕዋቶም ዘጸልሙን ዝካፍኡን:ኣብቲ ናይ ረቢ ስራሕ ዕንቅፋት ዝዘርኡን:ረቢ የህዲዮም:ካብ ድንቁርናኦም ረቢ የውጻኣዮም እናበልካ እቲ ረቢ ዝፈትዎ ስራሕ ከይተዋላወልካን ከይተዳኸምካን ምቕጻል እቲ ዝበለጸ ምርጫ እዩ::

በዚ ምኽኒያት ካኣ እዩ ሰይድና ዩሱፍ ነዘን ዝስዕባ ኣያት ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ናይ ናብርኡ ከምዚ ክብል ዘቃለዐን:

إِنَّهُ مَنْ يَتَّقِ وَيَصْبِرْ فَإِنَّ اللَّهَ لا يُضِيعُ أَجْرَ الْمُحْسِنِينَ (90)

(ኢናሁ መይ የተቒ ወየስቢር ፈኢናልላሃ ላዩዲዑ ኣጅራ ኣልሙሕሲኒን)

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ ኻኣ:ዩሱፍ ምስ ኣሕዋቱ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ምስ ተራኸበ እሞ ነቲ ብኣላህ ዝተለገሰሉ ልግሲ ኣብ ግምት ብምእታው: ንኣሕዋቱ ከምዚ ይብሎም:እቲ ብሓቂ ንኣላህ ዝፈርህን እሞ ትዕግስቲ ጌሩ ስራሑ ዘሰላስልን:ኣላህ ናቱ ዓስቢ ኣየጥፍእን እዩ::
እወ:ምእንቲ ኣላህ ኢልካ እተሰርሖ ጽቡቕ ስራሕ ረቢ ኩሉ ግዜ እዩ ዝሕልዎ:ነቲ ባርያ ናይ ረቢ ኻኣ ባዕሉ ኣላህ እዩ ዝሕልዎ እሞ ብሓቂ ሰራሕተኛ ናይ ረቢ ይግበረና::
ነቶም ብሰንኪ ድንቁርነኦም ኣብ ባሕሪ ናይ ጽልእን ቅንእን ዝኣተዉ ኻኣ ረቢ የህድዮም ናብ መንገዱ ይምለሶም እናበልኩ ኣብዚ ይድምድም እሞ: ብተደጋጋሚ ነዛ ሱረት ዩሱፍ እናኣስተንተና ንቕራኣያ:
ኣብ ዱዓኹም ካኣ ኣይትረሱዑና::